**ብጨናፍር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ በይ-አርያ፤ ዝተዳለወ በዓላት መዓልቲ ሰራዊት ሓርነት (ዝኽሪ ኵናት ተጎርባ)፤ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ከተማ ሳንታ-ሮዛ ብ26 መጋቢት 2005 ብድምቀት ተባዒሉ።**

ኣባላት ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባይቶን ግዱሳት ኤርትራውያንን ካብ ኵለን ከተማታት በይ-አርያ ተጓዒዞም ኣብቲ ብጨንፈር ሳንታ-ሮዛ ዝተዳለወ መደብ ድርብ በዓላት ብምስታፍ ብሓባር ኣብዒሎም።

ነቲ መደብ ዝኸፈቶ ብ/ፍስሃየ ሓጎስ፥ ንኣኼበኛ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪምባሉ፤ ዕላማን ትርጉምን እንኽብሮ ዘለና በዓላት ምስ ታሪኽናን መጻኢ ፖሊቲካዊ ሂወትናን ዘለዎ ምትእስሳር ብምብራህ ኣብዝሃቦ መእተዊ ቃል፤ እዚ ናይዚ ዓመትዚ በዓል ኣብ ሃዋህው ናይ ተስፋን ስኒትን ዝሰፈነሉ እዋን ነብዕሎ ምህላውና ዝያዳ ድምቀት ዘለዎን ፍሉይ ምኻኑን ኣመልኪቱ፡ ንሱ ድማ ወከልቲ ዓሰርተ ሽዱሽተ ውድባት ንሃገራዊ ዕላማታትን ረብሓታትን ብምቕዳም፥ ሓደ ጠርናፊ ጽላል፥ “ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን” መስሪቶም፥ ናይ ሓባር ቻርተር ሓንጺጾም ብስምምዕ ምውጻኦም፥ ደቂ ሓንቲ ሃገር፥ ሓደ ህዝቢ፥ ሓደ ታሪኽ፥ ናይ ሓባር ዕላማን ትጽቢትን ከምዘለና ዘረጋግጸ ዕዙዝ ውጽኢት እዩ። እዚ ዘሐብን ጥራይ ዘይኮነ፥ ንምልካዊ ስርዓት ኣልጊስካ፥ ብቐዋማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ናይ ምትካእ እምነትና ህያውን ጭቡጥን ምኻኑውን ዘበሰረ እዩ ብምባል ዝቐጽል ዝርዝር መደባት ናይቲ ምሸት ሓቢሩ።

ብ/ደስበለ ካሕሳይ ንቄልዑን መንእሰያትን፥ ምስ ታሪኽናን ኣተሃላልዋ ህዝቢ ኤርትራን፥ ከምኡውን ምስ እነብዕሎም ዘለና በዓላትን ንምልላዮም ሰሚናር ኣካይዱ። ኣብቲ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ኣሳታፊ ኣገባብ ጌሩ ዘቕረቦ ኣስተምህሮ፤ መንእሰያትና ብዝተፈላለየ መንገድታት ሓበሬታ ዝበጽሕዎ ኣፍልጦ ብዛዕባ ሃገርናን ኵነታት ህዝብናን ከምዘለዎም ኣኼበኛ ክግንዘብ ክኢሉ።ንኣብነት ኣብ ሃገርና ዘሎ ስርዓት ዲክታቶርያ ምኻኑ፥ መንእሰያት ኤርትራ ብዘይካ ናብ ግዱድ ዕስክርና መደበር ሳዋ ምኻድ፥ ካልእ ምርጫ ከምዘይብሎም ኣዐርዮም ዝፈልጡ ምኻኖም ንኣኼበኛ ዘገረመ ነይሩ።

ቀጺላ ብጸይቲ ኣስገደት ምሕረታኣብ፥ ግደ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ቃልስና ንናጽነትን ኣግእዞ ደቂ ኣንስትዮን ዘጠቓለለ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪባ። ደቀንስትዮ ኣብትሕቲ መላኺ ስርዓት ብዘሰካሕክሕ ኵነታት ይሓልፉ ምህላወን ብምምልካት፥ ወጽዐአን ኣቃሊሑ ንመሰለን ዝጣበቕ ነጻ ማሕበር ብኹሉ ምህላዉ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጉድለት ስለዝኾነ፥ ደቀንስትዮ ንናጽነተንን መሰለንን ክለዓላን ተወዲበን ክቃለሳን ጸዊዓ።

ብ/ወልደስላሴ ተስፋይ ቃል ውድብ ብኣጋጣሚ ታሪኻዊ ዝኽሪ ኵናት ተጎሩባ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፥“ኵናት ተጎሩባ ንስርዓት መግዛእቲ ዘርዓደ፥ ንህዝብናን ዓለምን ድማ ናይ ሓርነት መልእኽቱ ዘመሓላለፈ ሓርበኛዊ ኵናት እዩ ነይሩ” ኢሉ። ቀጺሉ ብዛዕባ ምምስራት ጠርናፊ ክሊ ዝኾነ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ቻርተሩን፥ ተስፋ ዝህብን ዘተባብዕን ምዕብልና እዩ ድሕሪ ምባል፤ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕብረ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ስለዝጠርነፈ፥ ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቕድሚትን ጥጡሕ ባይታ ንምቛም ሕብረሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓትን እዩ ኢሉ። ተጋድሎ

ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ ንኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ብመትከል ኣሚኑ ስለዝተሳተፎ፥ ህዝብና ኣብ ምልዕዓልን ኣብ ጎድኒ ኪዳን ኣሰሊፍካ ዕምሪ ስርዓት ኢሳያስ ንምሕጻር ኣብ ዝግበር ጥምጥም ዕዙዝ ተርእ ክጻወት ምዃኑ ንኣኼበኛ ኣተኣማሚኑ።

ኝኽብሪ በዓላት ደቀንስትዮን ተጎሩባን ክልተ ግጥሚ ቀሪቡ። ንዝኽሪ መዓልቲ ሰራዊት ሓርነት (ተጎሩባ) ኣጋጣሚ ብምግባር፥ ብ/ሃብተ ሚካኤል ደጎል ዋዛ ምስ ቁምነገር ዝትሕዝትኡ መሳጥን ኣዘናጋዕን ኣቀራርባ ነይሩ።

ድሕሪ ተኻታታሊ መግለጽታት፥ ብኣባላት መሪሕነት ሰውራዊ ባይቶ ብጾት ተስፋይ ወ/ሚካኣልን ሃብተማርያም ክፍለን ዝተመርሐ ሰፊሕን ዓሚቑን መድረኻዊ ክትዓት ተኻይዱ፥ ብፍላይ ንምቛም ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ተርእ ኣብ ምጥርናፍ ህዝብናን ዝምልከት ዝቐረበ ሕቶታት ኣዕጋቢ መልሲ ሂቦምሉ፡፡

ኣብ መደምደምታ ባህላዊ ጸወታ ኳይኑ ብናይ ሓድነትን ስኒትን መንፈስ ዝሰፈኖ ጓይላን ምዝንጋዕን ተዛዚሙ።

ስኒትን ሓድነትን ንህዝቢ ኤርትራ!!!!!